# ዘመን

ብ፡ጴጥሮስ ተኽሉ፡ (ሓላዪ) 24/07/2014

ኣንታ ደራሲ ጸሓፊ ወራቒ
እቲ ቃላትካ ይበልጽ ካብ ኣልማዝ ካብ ወርቂ
ሰነድ ኢኻ፣ መጽሓፍ፡ ናይ ታሪኽ ብራና
ኩሉ ኣዋህሊልካ ትሕብር ህዝብና፡
    ተኣምር ትነግር መስተንክር ትሕብር
    ብርሃንዩ ጽሑፍካ ድቁስ ዘበራብር
    ሰነዳትካ ክገናጽል ብደሓር ክርኢ
    ብቅያ መጽናዕትኻ መንፈሰይ ይረዊ፡
ዘስምረሉ'ሎ ዘድምቆ ብምግራም
ሃብታም ተሞክሮኡ ዝሕብር ምእራም
ሓንሳብ ሓንሳብ ክርናዕ ይዓጽፍ
ተመሊሰ ይደግሞ ከጽፍፍ፡
    ኣብ ጎኒ መዳቅሶይ ኣብ ጥቃ ትርኣሰይ
    ተጎዝጒዘያ ይሓድር ክርዊ መንፈሰይ
    ደቂሰ ዝቕጽል ብሕልመይ ዝሪኦ
    ቦቕሉ ይሓድር እቲ **ዘመን** ዝዘርኦ፡
ኣብ ተመዛዝ ኣየንብረካ ኣብ እንዳ መጻሕፍቲ
መታን ከይትርሳዕ ከም መዘከር ሕዛእቲ
ይኹልኮለካ'በር ከም ልፋፈ ጽድቂ
መግቢ ሂወተይ ስለዝኾንካ ስንቂ-ሓቂ፡
    ከንብበካየ ደጊመ ደጋጊመ
    **ዘመን** ስለዝኾንካ ናይ ድሕነተይ ዕድመ
    **ዘመን** ንህዝብና ብብቕዓቱ ዝልለ
    የአንግደናሎ ስምረታዊ ሓይሊ **ኤ.ስ.ደ.ለ.**።